Erimedrek
Connecting the Elements of Democracy

# ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ናይ 31 ጥቕምቲ ህዝባዊ ናዕቢ ‘ናይ ጀበርቲ ምንቅስቓስ’ ተባሂሉ ክጉስጎሰሉ መደብ ኣውጺኡ።

By Erimedrek / November 30, 2017 / Comments Off on ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ናይ 31 ጥቕምቲ ህዝባዊ ናዕቢ ‘ናይ ጀበርቲ ምንቅስቓስ’ ተባሂሉ ክጉስጎሰሉ መደብ ኣውጺኡ።

እዚ ውሳነ ብሪጋደር ጀነራል ኣብረሃ ካሳ፡ ብሪጋደር ጀነራል ስምኦን ገብረድንግል፡ ብሪጋደር ጀነራል ጋይም ከምኡ እውን ወዲ ህንጻ ኣብ ዘካየድዎ ኣኼባ ኢዩ ተወሲኑ። ኣብቲ ናይ ሓለፍቲ ሃገራዊ ድሕነት ኣኼባ፡ ናይ ኣኽርያ ፍጻመ ከም ህዝባዊ ናዕቢ ኮይኑ ይረአ ምህላዉን፡ ህዝባዊ መልክዕ ሒዙ ናህሪ ይቕጽል ከምዘሎን ድሕሪ ምግምጋሙ፡ መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ፍጻመ ናይ እስላም ምንቅስቓስ ኢዩ ኢሉ ዝገበሮ ጎስጋስ ዕላምኡ ከምዘይወቐዐ፡ ብኣንጻሩ ነቲ ህዝቢ ዝያዳ ከምዘሰመሮ ገምጊሙ።

ድሕሪ እቲ ኣብ ኣኽርያ ዝተላዓዓለ ህዝባዊ ናዕቢ፡ እቲ ወጥሪ ገና ከምዘይሃድአ ርኡይ ኮይኑሉ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ሓለፍቲ ሃገራዊ ድሕነት እቲ ምንቅስቓስ ‘ናይ ጀበርቲ’ ውጥን ተባሂሉ ኪጉስጎሰሉ ኣብ ዘኽእል መደባት ፍሕሪ ምዝርራብ፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ጎስጋስ ጀበርቲ ኣንጻር ሳሆ፡ ሳሆ ኣንጻር ትግረ ወዘተ እንዳበልካ ነቲ ኣብ ሃይማኖት እስልምና ዘሎ ሰዓቢ ነንሕድሕዱ ምግጫው ጥራይ ኢዩ ፍታሕ ከምጽእ ዝኽእል ክብሉ ውጥን ከምዘውጽኡ ተሓቢሩ። ብመሰረት እቲ ሓበሬታ ብዝተኻእለ መጠን እቲ ናይ ኣኽርያ ናዕቢ ናብ ሓደ ጸቢብ ጉጅለ ኣጸጊዕካ ንሓደ ወገን ጥራይ ምጥቓዕ ብዝብል ሜላ ነቲ ተቓውሞ ምክፍፋሉ ዝብል ውጥን ሃገራዊ ድሕነት ወጺኡ ምህላዉ ይገለጽ።

ብሃገራዊ ድሕነት ተወሲዱ ዘሎ ሜላ ካብቲ ገማሚዕካ ቅተል ዝብል ንነዊሕ እዋን ብፕረዚደንት ኢሳያስ ዝተሰርሓሉ መርዛም ሜላ ዝብገስ ኢዩ። ከምዝፍለጥ ኣብ 1973 ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዴሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኣብዝተላዕለሉ እዋን፡ ኢሳያስ ኣፍወርቂ መጀመርያ ነቶም ሃይማኖት እስልምና ዝኽተሉ ተጋደልቲ፡ እዚ ምንቅስቓስ ኣንጻር እስላም ዝቐንዐ ናይ ክርስትያን ምትእኽኻብ ኢዩ ኢሉ ድሕሪ ምኽሳቡ፡ ጸኒሑ ነቶም ሃይማኖት ክርስትና ዝኽተሉ፡ ብፍላይ ድማ ነቶም ደቂ ሓማሴንን ሰራየን ፈልዩ እዚ ናይ ኣከለጉዛይ ምንቅስቓስ ኢዩ ረሓቒሉ ኢሉ ከምዝገማመዖም፡ መወዳእታ ድማ ነቲ ምንቅስቓስ ብግፍዓዊ መንገዲ ከምዝፈጸሞ ይዝከር።

ከምዝፍለጥ ድሕሪ ናይ ኣኽርያ ፍጻመ፡ ሃገራዊ ድሕነት ብመንገዲ ሃሱሳቱን ኣብ ደገ ዝርከባ ወብሳይታቱን ኣቢሉ ኣብ መንጎ ሃይማኖታት ክርስትናን እስልምናን ከጣቐስን ግጭት ኪፈጥርን እኳ እንተፈተነ ፡ህዝቢ ኤርትራ ካብ ትጽቢት ህግደፍ ወጻኢ ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ብሓባር ተላዒሉ ናይ ኩነኔ ሰላማዊ ሰልፊ ከካይድ ጸኒሑ ኣሎ።

ብሪጋደር ጀነራል ኣብረሃ ከሳሳን ብሪጋደር ጀነራል ስምኦን ገብረድንግልን ብጸቢብነቶም ዝልለዩ ኮይኖም፡ ነቲ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ዝጭፍልቕ ዓማጺ ኣካይዳ ሃገራዊ ድሕነት፡ ካብኡ ንናብኡ ንደቂ ከባቢና ንዝብልዎም ወገን ኣድልዎን ‘ፍታሕ’ ኢሎም ዝጽውዕዎ ስጉምታትን ከምዝወስዱ ይፍለጥ። ብኣንጻሩ ዘይወገንና ወይ ናይ እቲ ‘ካልእ ወገን’ ኢሎም ንዝፍርጅዎ ሰብ ኣብ ውሽጢ እቲ ዓማጺ መስርሕ ዓቕኑ ዝሓለፈ ዝያዳ ዓመጽ ጌሮም ከምዝቕጽዕዎ ምንጭታት ካብ ሃገራዊ ድሕነት ይሕብሩ። እዚ ተግባራት ኣብ ማእሰርቲ፡ ምሃብ ቪዛ፡ ውሳነታት መቕጻዕቲ ስግረዶብ፡ ምኽታብ ቃርማታት፡ ወዘተ ጎሊሑ ይረአ።

© 2017 Erimedrek. Site by Erimedrek (c) 2016-2018 صوت المنتدى